

# ኤርትራዊያን ተቐማጦ ከለንን ከባቢኣን



## ኣብቲ ብደርጃ መንግስቲ ጀርመን ብባህላዊ ምምሕዳር ከተማ ከለን ዝካየድ ዓመታዊ በዓል ብዕዉት ኣገባብ ተሳቲፎም

ኤርትራዊያን ተቐማጦ ከለንን ከባቢኣን ብዕለት 01.06.2008 ኣብ ከተማ ከለን (ዞባ) ኮርቫይለር ባንዴራ ፍትውቲ ሃገሮም ተኺሎም፣ ሃገሮምን ህዝቦምን ወኪሎም : ብዝተፈላለየ ባህላዊ ኣገባባት መንነቶም ኣኽሪያም ውዒሎም። ኣብቲ ናይ ዝተፍላለያ ሃገራት ዜጋታት ተቐማጦ ከተማ ከለን ዝካየድ ባህላዊ ኣገባባት ፣ ሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን'ውን ንትሳታፉይን ተዓዛባይን ፣ ብዘሕጉሰ ኣገባብ ንህዝባ ብኤርትራዊ ባህልን ስርዓትን ኣብቲ በዓል ኣካፈለት። እቲ ዘሕብን ሕሉፍ ታሪኽ፣ ህልው ባህልን ልምድን ህዝቢ ኤርትራን፣ ከም ኡውን ኤርትራ ሰላም ዝሰፈና ተቐባሊት ጋይሻን ምኽናን ምሩጽ ናይ ዕረፍቲ መሕለፊን ናይ ቱሪስት ቦታታት፣ ከም ዘሎዋን ወ.ዘ.ተ.ን ፣ ንወጻእተኛታት በጻሕቲ ህድሞ ኤርትራ ንምልላይ ብጽሑፍን ብቃልን ሓበሬታታት ተዘርጊሑ ። ብደርጃ ማሕበር ረዲኤት ኤርትራ(Eritrea Hilfswek in Deutschland) 'ውን ዝቐረበ ናይ ዝካየድ ዘሎ ፕሮጀክት ዝጠቕሰ ጽሑፋት'ውን ተዓደለ።

በዚ ኣጋጣሚ ሓንቲ ካብተን ሃገራዊያን መሓብር ከለን ንመበል ኻልኣይ ጊዜ (ዓመት) መደብ ዕዮታትን ምምሕዳር ኣጋይሸን ናይቲ በዓል ብማሕበረኮም ሓላፍነት ዝተዋህባ ኤርትራዊት ማሕበር ሕጻናትን ወለድን (2ይ ተበግሶ EKT) ብዝገበረቶ ምቅርራብን ፍሕሹው ኣቀባብላ ኣጋይሸን ብተሳተፍቲ በዓል ዓቢ ኣድናቆት ኣትሪፉ።
ኣብ መደምደሚ እቲ በዓል ፣ እቲ ሕቡን ህዝቢ ከም ወትሩ ፣ ኣብቲ ሰፊሕ ናይ ዝተፈላለዩ ሃገራት ዜጋታት ዝመልኦ "ጎልጎል ኮርቫይለር " ሃገራዊት ባንዴራ ኤርትራን ፤ ባንዴራ ህዝባዊ ግንባርን እናንበልበለ ብባህላዊ ሳዕስዒትን እልልታን ሓድነቶም ከርእዩ ከለዉ ፣ እቶም ካልኦት ወጻእትኛታታት ድማ ኣብቲ ምዉቕ ህድሞ ኤርትራዊያን ከቢቦም ብጨብጨባ ብምዕጃብ ሓጎሶም ብምግላጽ መደብ ባህላዊ በዓል "ጎልጎል ኮርቫለር 2008" ተዛዘመ ።

ዓወት ንሓፋሽ
ዘላኣለማዊ ክብሪ ንሰማእታትና

ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን
(ጀርመን)
ዕለት 1.6.2008 ዓ.ም.